AUTISM SPEAKS®

EARLY ACCESS TO CARE

# ህጻን ውላዶም ካብዘን ዝስዕባ ምልክታት ሓድኤን የ(ተ)ርእይ ዶ?

- ዋላ 'ኳ 12 ኣዋርሕ ይ(ት)ግበር ኮልተፍተፍ ከማን የለን
- ክሳብ 12 ኣዋርሕ ራት ንቕድሚትን ናብ ድሕሪትን ምልክታት - ማለት - ንምምልካት፣ ንከ(ት)ርይ፣ ንምብጻሕ፣ ወይ ከኣ ኢድ ወስወስ ምባል ዘይምርኣይ
- ዋላ 'ኳ 12 ኣዋርሕ ይ(ት)ግበር ብሽሙ/ማ ክ(ት)ጽዋዕ ከሎ/ላ መልሲ ዘይምሃብ
- ዋላ 'ኳ 24 ኣዋርሕ ይ(ት)ግበር ገለ 'ኳ ቃል ዘይምዝራብ
- ኣብዝኾነ ዕድሜ ጉድለት ናይ ምዝራብ፣ ናይምኩልታፍ ወይ ድማ ናይ ማህበራዊ ትኽእሎታት
- ምስ ኣካላት ኣቑሑ ወይ መጻወቲታት ኣመና እዋናት ምሕላፍ
- ዘተለምዱ ምንቅስቓሳት ወይ ድማ ተግባር ምድግጋም

# እዚ ካብዝኾነ፣ እንታይ ክትገብሩ ኣሎኩም?

**1** **ግዜ ኣይትውሰዱ። ሃንደበት ስክፍታ እንተልዩኩም፣ ንዶክተርኩም ኣዛርብዎ። ውላድኩም ኣብሊጽኩም ትፈልጥዎ ንስኹም ኢኹም።**

**2** **ብድሕሪት እዚ ገጽ ወይ ኣብ መርበብ ዝርከብ ቅጥዒ መጻረዪ ኦቲዝ ም ምልእዎ 'ሞ ምስ ዶክተርኩም ኮይንኩም ተንተንዎ።** ብዛዕባ ኦቲዝም ተወሰኽቲ መረድኢታት ኣብዝ መርበብ ይርከቡ፡-

*www.AutismSpeaks.org/signs*

**3** **ብዛዕባ ምእዛዝ ሕክምና ሽዑንሽዑ ጀምሩ።** ውላድኩም ዋላ 'ኳ ንቡር መርመራ እንተዘይኮነ ናጻ ገምጋም ክ(ት)ረክብ ይ(ት)ክእል እዩ/ያ። ውላድኩም ትሕቲ **36** ኣዋርሕ እንተኮይኑ፣ ናይ ኣካባቢኸም **ልደት ክሳብ ሰለስት(birth to three)** ወይ ከኣ **early intervention** (ሽዓ ምእዛዝ) ቤት/ጽ ስክፍታ ምስዝህልወኩም ተወከሱ። ናይ ከባቢኹም መወከሲ ዝስዕብ'ዩ፡-

**4** **ሕገዝ እንተድልዩኩም፡-** ንተወሳኺ ሓበረታ **www.AutismSpeaks.org** ብጽሑ። ናይ**Autism Speaks (ኦቲዝም ይዛረብ)** ጋንታ መልሲ ኦቲዝም **(autism response team)** ተወከሱ። ሕቶታት ምምላስ ይኽእሉ እዮም ናፃ ናውቲ ክቕርቡልኩም እዮም። ብእንግሊዝኛ፡- **888-AUTISM2 (888-288-4762)** • ብስፓኒሽ፡- **888-772-9050** **familyservices@autismspeaks.org** • ቴክስት **"ART" to 30644**

## ካብሕጂ ስጉምቲ ውሰዱ፡-ኣንጊህካ ምእዛዝ ናይ ሙሉእ ህይወት ፍልልይ የምጽእ።

Partially adapted from www.cdc.gov/actearly

AUTISM SPEAKS®
It's time to listen.

© 2013 Autism Speaks Inc. Autism Speaks and Autism Speaks It's Time To Listen & Design are trademarks owned by Autism Speaks Inc. All rights reserved. *www.AutismSpeaks.org*

# ዝተመሓየሸ ዝርዝር መቆጻጸሪ ኦቲዝም ኣብ ህጻናት (ኤም-ቻት)

ኤም-ቻት ካብ16 ክሳብ 30 ኣዋርሕ ዝዕድሚኦም ህጻናት ንሓደጋ ኦቲዝም (autism spectrum disorders) (ASD) ተዳሪጎም እንተኾኑ ንምጽራይ ብቑዕነቱ ተመስኪሩሉ 'ሎ። AAP ኣብ መንጎ 18ን 24ን ኣዋርሕ ንዝርከቡ ንመርመራ ASD ጠቓሚነቱ ደጊፉዎ 'ሎ። ኣብhttp://www.mchatscreen.com ብዝርከብ መምርሒ እተን ሕቶ ኣብ ውሽጢ 2 ደቓይቕ ክግበራ ይኽእላ።
ስልጡን ክኢላ በተን ማለስታት ክመያየጥን ናብ ኣግባብ ዘለዎ ናውቲ ክመርሓኩም ይኽእል። ነዚኤን 23 ሕቶታት በብሓደ ብዘብርሕ ተኸታሊ ሕቶን መልሲን ክዕጀብ ኣለወን።

ነዞን ዝስዕባ በቲ **ብብዝሒ** ዝርኣይ ኮነት መልሲ ሃብወን። በጃኹም ነንፍስ ወከፍ ሕቶ መልሱ። እቲ ኮነት ሳህቲ ጥራይ እንተኾይኑ (ንኣብነት፣ ሕንሳብ ወይ ክልተሳብ እንተርኢኹሞ)፣ *በጃኹም ውላድ ከም ዘይገበሮ/ዘይገበረቶ ጌርኩም መልሱ።*

| | | YES | NO |
|---|---|---|---|
| 1. | ውላድኩም ምሕቋፍ፣ ኣብ ብርክኹም ምስርሳር፣ ወዘተ. ይ(ት)ደሊዶ? | እወ | ኣይፋል |
| **2.** | **ውላድኩም ኣብ ካልኦት ቈልዑ ተገዳስነት ኣለዎዶ?** | **እወ** | **ኣይፋል** |
| 3. | ውላድኩም ኣስካላ ብዝኣመሰሉ መደያይቦታት ምድያብ ይ(ት)ፈቱዶ? | እወ | ኣይፋል |
| 4. | ውላድኩም ጭርጭር ምጽዋት ይፈቱዶ/ትፈቱዶ? | እወ | ኣይፋል |
| 5. | ውላድኩም ብቴሌፎን ከምዝ(ት)ዛረብ ወይ ድማ ንባምቡላ ከምዚ(ት)ከናኽኖ ገይሩ/ራ የ(ተ)ምስልዶ? | እወ | ኣይፋል |
| 6. | ውላድኩም ሓደ ነገር ምስ ዚደሊ/እትደሊ በኣመልካቲት ኣጻብዑ/ዓ ምልክት ሂቡ/ባ ዶ ይ(ት)ፈልጥ? | እወ | ኣይፋል |
| **7.** | **ውላድኩም ባህ ዚብሎ/ላ ኪርኢ/ክትርኢ ከሎ/ላ በጻብዕቱ/ታ ምልክት ይ(ት)ህብዶ?** | **እወ** | **ኣይፋል** |
| 8. | ውላድኩም መጻወቲኡ/ኣ (ንኣብነት ንእሽቶ መኪና ወይ ከኣ ብሎኮ) ኣብ ኣፉ/ፉ ከየእተወ/ት፣ ከየባላሸወ/ት ወይ ድማ ከይደርበየ/ት ኪ ጻ ዋት/ክትጻወት ይ(ት)ኽእልዶ? | እወ | ኣይፋል |
| **9.** | **ውላድኩም ንእኻትኩም (ንወለዲ) ኬርኢ/ከተርኢ ኣቕሑት የምጽእ/ተምጽእ ድዩ/ያ?** | **እወ** | **ኣይፋል** |
| 10. | ውላድኩም ንሓደ ወይ ክልተ ሰኮንድ ናብ ዓይንኹም ይ(ት)ጥምትዶ? | እወ | ኣይፋል |
| 11. | ውላድኩም ዓው ብዝበለ ደሃይ ይ(ት)ህወኽ ድዩ/ያ? | እወ | ኣይፋል |
| 12. | ውላድኩም ገጽኩም ወይ ከአ ፍሽኽታኹም ብምርኣይ ፍሽኽ ይ(ት)ብል ድዩ\ያ? | እወ | ኣይፋል |
| **13.** | **ውላድኩም ምሳሌኹም ብምርኣይ ዝገበርኩሞ ይ(ት)ገብርዶ ? (ምሳሌ፡- እንተተጸወግኩም ይ(ት)ጽወግዶ?** | **እወ** | **ኣይፋል** |
| **14.** | **ውላድኩም ብሽሙ/ማ ምስ እትጽውዕዎ/ዋ መልሲ ይ(ት)ህብዶ?** | **እወ** | **ኣይፋል** |
| **15.** | **ኣብ ክፍሊ ኣማዕድዩ ዝርከብ መጻወቲ ምልክት እንተገበርኩም ውላድኩም ይ(ት)ጥምቶ ድዩ/ያ?** | **እወ** | **ኣይፋል** |
| 16. | ውላድኩም ብእግሩ/ራ ይ(ት)ኸይድ ድዩ/ያ? | እወ | ኣይፋል |
| 17. | ውላድኩም ኣብ እትጥምቱዎ ነገራት ይ(ት)ጥምት ድ/ያ? | እወ | ኣይፋል |
| 18. | ውላድኩም ዘይተለምደ ናይ ኣጻብዕቲ ምንቅስቓስ ናብ ጥቓ ገጹ/ጻ ይ(ት)ገብር ድዩ/ያ? | እወ | ኣይፋል |
| 19. | ውላድኩም ኣብቲ ንሱ/ሳ ዚገብሮ/ እትገብሮ ምእንቲ ከተድህቡ ይ(ት)ስሕበኩም ድዩ/ያ? | እወ | ኣይፋል |
| 20. | ውላድኩም እዝኑ/ና ዘይሰምዕ ምዃኑ ተጠራጢርኩምዶ ትፈልጡ? | እወ | ኣይፋል |
| 21. | ውላድኩም ሰባት ዚብልዎ የ(ተ)ስተውዕል ድዩ/ያ? | እወ | ኣይፋል |
| 22. | ውላድኩም ሓሓሊፉ ኣብ ገለ ዘይብሉ ይ(ት)ጥምት ወይ ከኣ ክለል ይ(ት)ብል እዩ/ያ? | እወ | ኣይፋል |
| 23. | ውላድኩም ዘይ(ት)ፈልጦ ነገር ከጓንፎ/ፉ ኸሎ ምላሽኩም ንምፍላጥ ናባኹም ይ(ት)ጥምትዶ? | እወ | ኣይፋል |

**ኣዋህባ ነጥቢ ንኤም-ቻት** ንቑ. 1, 2, 3, 4, 5, 6, 7, 8, 9, 10, 12, 13, 14, 15, 16, 17, 19, 21 ወይ 23 መልስኹም "ኣይፋል" እንተኾይኑነ 1 ነጥቢ ሃቡ፣ ወይ ከኣ ንቑ. 11, 18, 20 ድማ ን22 "እወ" እንተኾይኑ 1 ነጥቢ ሃቡ። ጠቕላላ ነጥባት 3 ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንተኾይኑ ውላድኩም ናብ ዶክተሩም ውይም ናይ ጥዕና በዓል ሙያ ንተኸታሊ ቃለ-መጥይቕ (Follow-up Interview) የድልዮ/ያ እዩ። ካብ 2, 7, 9, 13, 14, 15, ጥራይ 'ኳ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ መልስኹም "ኣይፋል" እንተኮይኑ ዶክተርኩም ተኸታሊ ቃለ-መጥይቕ ክገብር ሕተቱ። እዚህ የኤም-ቻታት ኣስጋኢ ተባሂለን ይሕሰባ። ዋላ 'ኳ ናይ ጠቕላላ ውጽኢት ነጥቢ ካብ 3 ዝትሕት እንተዝኸውንን ናይ ኣስጋእቲ ሕቶታትውን ትሕቲ 2 እንቶነ፣ ሕጅውን ስክፍታ ኣሎኩም፣ ህቶታትኩምን ውዱእ ቅጥዒ ብምሓዝ ንዕሙቕ ገምጋም ወይ ናብ ካልእ ሕክምና ንከምሓላልፎ ናብ ዶክተርኩም ውሰድዎ።

© 1999 Diana Robins, Deborah Fein, & Marianne Barton